# ዕውት ኣኼባ ን/ጨ ማእከል ጀርመን
# ኣብ ከተማ ማንሃይም

ብዕለት 28.10.2012 ኣብ ከተማ ማንሃይም ብደረጃ ኣባላት ንኡስ ጨንፍር ገምጋማዊ ዓመታዊ ኣኼባ ተቓኒዑ። ኣብዚ መሰረታትን ሓለፍቲ ንኡሳን ጨናፍርን ንኡስ ዞባን ዝተረኽብሉ፡ ኣምባሳደር ጸጥሮስ ጸጋይ ተረኺቡ፡ ንህልው ኩነታት ሃገርና ኣመልኪቱ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቡ።

ኣምባሳደር ጸጥሮስ፡ ንኣብ ልዕሊ ኤርትራ ተበይኑ ዘሎ እገዳ ኣመልኪቱ፡ እቲ ዝቐረበ ክሲታት መርትዖ ዘይብሉ ምኩኑ ካብ ዝኾነ ይኹን እዋን ስለዝተረጋገጸ፡ መንግስቲ ኤርትራ ንኽላዓል ልዑል ዲፕሎማሲያዊ ጻዕሪ የካይድ ምህላዉ ኣብሪሁ። ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ምስ ዘሎ ጥሎል ክራማት ልብዘበን ትስፍው ምኧኑ ገሊጹ። ቀጺሉ ንተሳተፍቲ ዘካይድዎ ዘለዉ ሃገራዊ ዕማም ብምምንስ፡ ውዳቤኦም ብዝያዳ ብምሕያል ንዝያዳ ስራሕ ቁሩባት ንኽኾኑ ሚዒዱ፡

ድሕሪ ናይ ኣምባሳደር መግለጺ፡ ብሓለፍቲ ንኡሳን ጨናፍርን ንኡስ ዞባን፡ ጸብጻብ ስራሕ ቀሪቡ። ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ ሰፊሕ ክትዕ ድሕሪ ምክያድ፡ ንዝነበሩ ድኽመታት ብምንቃፍ፡ ንቐጻሊ ስራሕ ሓገዝቲ ኢዮም ዝበሎም ሓሳባትን ተመክሮታትን ብምልውዋጥ ዕዉት ዓመታዊ ገምጋም ኣካይዱ። ኣብዚ ኣጋጣሚ'ዚ ተረኺባ፡ ኣደ ወንበር መንእሰያት ህግደፍ መንእሰይ ሰምሃር ተኽስተ ንሓፈሻዊ ንጥፈታት መንእሰያትን መጻኢ መደባቶምን ኣመልኪታ መግለጺ ኣቕሪባ።

ብተወሳኺ ኣብዚ ኣኼባ'ዚ፡ ብብጸት የውሃንስ ኢያሱን ሃብተ ሓድጉን ንቑጠባዊ ህንጸት ኤርትራን ወፍርን ኣመልኪቶም ትምህርታዊ መግለጺ ኣቕሪቦም።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ኣብ ዕላማ ብምጽናዕ ብንሒን ሃገራዊ መንፈስን፡ ከም ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ዳግመ ህንጸ'ውን ሕድሪ ሰማእታትና ክንፍጽም ኢና ብምባል ኣኼባ ዛዚሞም።

ዓወት ንሓፋሽ

ን/ጨ ማእከል ጀርመን